# ቅሰን እመነና

(ብረዳኢ ሓለፎም /ፋኖወዲ/ ኣዲስ አበባ)

ኣብቲ መሪር እዋን ፀላም ተሎ ቐትሪ፣
ኣብቲ ዕፁው ጊዘ ዘይነበሮ በሪ፣
ኣብ ዘመነ ክሕደት ብጣዕሚ ፀበባ!
ጥልመት ዝዓሰሎ የመና ከረባ!
ኣይተምበርከኽካን ተባዕ ትግራዋይ፣
በይዛ ጭቁናት ህይውትካ ገባራይ፣
ሕማቕ ኣይገደፍካን ዘጣዕስ ንዳሕራይ!
ባዕልካ ፀኒዕካ ንካልኦት ተፅንዕ፣
ንስኻ ተቢዕካ ንብፆት ተትብዕ፣
ጠሚይካ እንተለኻ ጥሙያት ተብልዕ፣
መስምር ተቐኒትካ ንመድፍዕ ትረትዕ!
ውሕሉል ስርሒትካ ጎቦታት የርዕድ፣
ምዕሩይ ውቅዕትካ ንሊሎ የውርድ፣
ስጡም ዕላማኻ ዝሓልፍ ንድሉድ፣
ኣይሞትካን እያሱ ኣይበልዐካን ሓመድ!
ኣሎ እዩ ሕድርኻ ኣብ ደም ተፃሒፉ፣
ኣይኮንን ታሪኽካ ነበረ ሓሊፉ!
ዕላማኻ ኣይሞተን ገስጋሲ'ዩ ቀፃሊ፣
ፅባሕ ዝኽንበት ውጥን ትማሊ!
ሓሳብ ኣይሕደርካ ኣይትጠራር፣
ሕድርኻ ኣይንበልዕን ኣይትሓምቕን ሃገር!
ድኽነት ንምጥፋእ ኣይንሰንፍን ንሕና፣
ታሪኽ ንምሕዳስ ተዓጢቕና ኣለና፣
ቃልካ ኣይንዓፅፍን ቅሰን እመነና!
ተፈጥሮኣዊ ኮይኑ ንቡር ተበፅሐካ፣
ዳግም ንዘይምምላስ ርሒቕካ ተኸድካ፣
ቦታ ቐየርካ'ምበር መዓዝ ከ ሞትኻ፣
ኣሎንዶ ምሳና ህያው ዕላማኻ!
ንድኽነት ኢ.ድና ኣይንህብን፣
ምስ ምሃይምነት ኣይንነብርን፣
ድሕረት ክዕንድር ኣይንፈቅድን፣
ሕድር ተሓንጊጥና ኣይንድቅስን፣
ዝኽሪ ሰማእታትና ኣይነዕብርን!
ሓሳብ ኣይሕደርካ ኣይትጠራር፣
ሕድርኻ ኣይንበልዕን ኣይትሓምቕን ሃገር!
ድኽነት ንምጥፋእ ኣይንሰንፍን ንሕና፣
ታሪኽ ንምሕዳስ ተዓጢቕና ኣለና፣

## ቃልካ ኣይንዓፅፍን ቅሰን እመነና!

Condolence